# ቅዋም 1997 ሎሚ'ዩ መሊኡ ዝሞተ።

ክቡራት ኣባላት ኣዳለውቲ መጽሔት "ህዝባዊ ደሞክራሲ" ከመይ ኢልኩም ቀኒኹም? ሓድሽ ዓመት ኣትዩስ እነሆ ድሮ'ኳ ገለ ኣዋርሕ ኣልዒልናሉ። እሞ ካብ'ዚ ኣጋጣሚ ዝሓይሽ ስለ ዘየለ በዚ ሓጺር ደብዳቤ ኣቢለ ንኹልኹም ኣዳለውቲ መጽሔትን ክቡራት ኣንበብትን ርሑስ ዓመተ 2017 ይብል። እወ ዓመቱ ዓመተ ሰላም ይግበሮ። ሕጂ 'ምበኣር ናብ ኣርእስቲ ጽሑፈይ ክኣቱ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ድሕሪ ነዊሕ ስቕታ ድምጹ ክህብ ሰሚዐዮ። ንስኻትኩም'ውን ከይሰማዕክሞ ኣይትተርፉን። ኣነ'ሞ እዚ ዕቡይ ሰብኣይ ን2017 ኣመልኪቱ መዓስ ደኣዩ ዝዛረብ እናበልኩ ዝተጸበኹሉ ግዜ'ውን ነይሩ'ዩ። ምስ ደንጎየ ከኣ እሞ ሎሚ ዘመን'ሲ ሰጊርዋ'ዩ ኢለ ኣብ ምሕሳብ'ውን በጺሐ ነይረ። ግን ንሱስ ተዛረበ ደኣ። ኣብ ክልተ እብረ ኣብ ምዝዛም ናይ ወርሒ ጥሪ 2017። ዘረባኡ ሓደ ካብ ሓደ ዘይሓይሽ ዓጀውጀው'ዩ ነይሩ። እንተኾነ እዚ ሓቂ ምዝራብ ዘሰክፎ ጎይታ መብጸዓ ተገዲዱ ሓቂ ክዛረብ ምስ ሰማዕክዎ ሰንቢደ። ማለት ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 25 ዓመታት ብሃገር ደረጃ ዝኾነ መደባት ልምዓት ከምዘይተሰላሰለ ደጋጊሙ ዳሕዲሕዎ። ብካልእ መልክዑ 25 ዓመታት ናይ ምትላልን ምጥባርን ዓመታት ኮይነን ከም ዝሓለፋ ኣሚኑ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓጀወጀው ኣእምሮይ ዝተንከፈኒ ጉዳይ እንተነበረ ሕቶ ሃገራዊ ቅዋም ዝምልከት'ዩ። እዚ ንህዝቢ ጅሆ ሒዙ ዝገዝእ ዘሎ ውልቀ መላኺ ካብ ቅድሚ ሕጂ ብዝኸፈአ መልክዑ "ቅዋም" እትብል ቃል ንከይነውጽእ ምህዳዱ'ዩ። " ስርዓተ መንግስቲ" በሉ ኢሉና እዚ መቓሒ። ቅሩብ'ሞ ሕሰብዎ ዝጸደቐ ቅዋም ዘይተግበርካ እንተተባህለስ፡ ነታ ስም'ውን ንምቕታል ኣነ'ኳ ስርዓተ መንግስቲ'የ ዝብሎ ኢሉና። ቅዋም 1997 እኮ ኣብ ቅድሚ መራኸቢታት ዓለም ባዕሉ ዝፈረመሉ ሰነድ'ዩ።! ምስ ኩሉ ጎደሎታቱ ከይትግበር ከልኪልዎ ጸኒሑ። ቀጺሉ በቲ ፍጹም ዕዋላዊ ጠባዩ ሞይቱ'ዩ ኢሉና። ሕጂ ከኣ ከም መግለጺ ቀይዲ በተኸነቱ ቅዋም ኣይትበሉ ስርዓተ መንግስቲ በሉ፡ ኣመት ናይ'ዚ ክገብር ዘለዎ ድማ እንኮ ሰልፊ ህግደፍ'ዩ ክብል ኣርዲኡና። ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ናይ 2014 ቅዋም 1997 ስለዝሞተ ሓድሽ ቅዋም ነዲፈ ኣጽዲቐ ክህበኩም'የ፡ ብትዕግስቲ ተጸበዩኒ ክብል ቃል ጥበራ ኣስሚዑና ነይሩ። እነሆ ድማ ኣብ'ዚ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2017 ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ ቅበጹ እንተዘይቀበጽኩም ኣበይ ከይትበጽሑ ዝዓይነቱ ብደዐ ኣስሚዑና።

ክቡራተይ ነዚ ሰብኣይ ከም ሎሚ ገይረ ቀቢጸዮ ኣይፈልጥን። ሓላፍነት የብሉን። የሽካዕልል'ዩ ዘሎ። ንሕና ግን ህዝቢ ኢና'ሞ ከምዚ ኢልና ክንቕጽል ኣይንኽእልን። ከም'ቲ ዝሓለፈ ብኮን ደኾን ብተስፋ ከይንጽበ ተመክሮ 25 ዓመት እኹል ትምህርቲ ይመስለኒ። ከም ህዝቢ ከም ውጹዓት ናትና ምርጫ ጥራሕ ኢና ክንወስድ ዘለና። መሰረታዊ ፍታሕ ኣብ ኢድና ደኣምበር ኣብ ተስፋ ክኸውን ኣይግባእን። ሕብረትና ሓይልና ብተግባር ከነርእዮ እንተደኣዘይክኢልና መሊሱ ክሽካዕልለና'ዩ። ስለዚ ምርጫና እንካይዶ ዘለና ቃልሲ ኣደልዲልና ክሳብ ዓወት ይኹን።

ፍረ-ህይወት ርስቶም'የ ካብ ኢስትሊ- ናይሮቢ ኬንያ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 05-04-2017